# ተኸለ-ቁመና ተቓወምቲ ውድባት እንትርአ

ተቓወምቲ ውድባት ሃገርና ፖለቲካዊ ባህሊ ምክእኣል ዘይፈልጡን ናይ ዕሙት ዕልኢትን ዘርኣዊ ፖለቲካን ዘካይዱ ምኻኖም ዘግርምን ዘሕፍርን ካብ ዝኸውን ዓመታት ተቖጺሮም እዮም ። መብዛሕትኦም ተቓወምቲ ውድባት መማረፂ ፖሊሲ፣ ናይ ማእኸላይን ነዊሕን ትልምታት ምትላምስ ይትረፍ ንሽሙ'ዉን ዝፈልጥዎ ኣይመስሉን። ከምቲ ጉያ ሓፂር ርሕቐት ንኹሉ ነገር ብቕልጡፍ ክውድኡ ዝደልዩ ናይ ተስፈኛታት እኽብካብ'ዮም። እቲ ናይ ሓፂር ርሕቐት ጉይኦምን ሽቶኦምን መወዳእቶኦምን ድማ ብዘይምንም ከይዲ መረፃን ብዘይ ናይ ህዝቢ ድልየትን ብኣቋራጭ ናብ ናይ ስልጣን ኮረቻ ምድያብ'ዩ። በዚ ምክንያት ድማ ካብ ናይ ሃገሮም ህዝቢ ዲሞክራስያዊ ውሳነን ድልየትን ወፃእ ለይትን ቀትርን ብናይ ወፃኢ ሓይልታት ዝዝወር ፖለቲካን ናዕብን ልክዕ ከም ፈተውቶም ዝናፍቑ ነውራማት እዮም።

እዞም ወገናት እዚኦም ንሽሙ ኣብ ውሽጢ ሕገ-መንግስታዊ ማእቐፍ ኮይንና ብሰላማዊ መንገዲ ዕላማና ንምስኻዕ ተወዳዲርና ስልጣን ክንሕዝ ኢና ይበሉ ዳኣምበር ብውሽጣውን ትኽክለኛን ኣመለኻኽቶኦምን ግና ዕጣንን ከርበን እናደኸሩ (እናትከኹ) ንናይ ወፃኢ ሓይልታት በይዛኻትኹም "ብኣካትኹም መጀን" ሒዝናኹም ኣለና (ንምሕፀነኩም) ኣለና ንስልጣን ክተብቅዑና! እናበሉ ዝምህለሉን ዝዕልዩን'ዮም። ዘይበቕዕ'ያ ፀሎትስ እንታይ ናብ ማይፀሎት ድዮም ዝበሉ ወለዲ ?

ካብዚ ዝፀይነቱ ልመናን ምሕፅንታን ሓሊፎም ናብ ኮርቻ ስልጣን ዝድይብሉ ግዘ ሰሌዳ ብሓይልታት ወፃኢ ኣቢሎም ንምሕፃር፣ ብትኽክል ዘይፈልጥዎን ብልክዖም ዘይተሰፈየ ካባ ኒዮ-ሊበራሊዝምን ኣተሓሳስባን ደሪቦም ይህትፉ(ይድስኩሩ)። በዚ ኣቢሎም ድማ ዉሱናት ትካቦ ይወሃቡ።

ናይ ደገ ሓይልታት ንናይ ባዕሎም ፖለቲካዊ ድልየት ክብሉ ኣብ ዝፅውዕዎም ኣኼባታት እንተይተረፈ እናተረኸቡ ብዘየለ መንነቶም "እስክትሽም" ምባል ዝቖንየም ዝገርሙ ፍጥረታት'ዮም። ኣረ ኣኺሉ ተሪፉስ(ሕሉፍ ሓሊፉስ)ሓይልታት ወፃኢ ካብ ናይ ባዕሎም ኣተሓሳስባ ብምብጋስ ሽሞም እንትፅውዕዎም ልክዕ ሎሚ መዓልቲ "ኣራት ኪሎ ቤተ-መንግስቲ" ዝኣተዉ'ዩ ዝመስሎም! ኢሉ'ውን ብኩፍሎም ዕልል እናበሉ ባዕሎም ኣብ ዝፈጠርዎ ዓለም ኣብ ናይ ቀቢፀ-ተስፋ ቓላይ ዝሕምሱ'ዮም።

ሓፋሽ ህዝብና ግና ውሽጦም ፈሊጡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣሽካዕላል ምንባር ኣይካኣልን ሎምስ ፈሊጥናኹም ኢና! ዝረብሃና ባዕልና ኢና ንፈልጥ ክብሎም ይግባእ።

ማሩ ዘመቸለ

ታህሳስ 2007 ዓ/ም